ኢጣልያ

# ንምንታይ እዩ ውልቃዊ መረዳእታይ ናብ ዩሮዳክ ዝመሓላለፍ?

ታይፕ ኤፍ (Type F)

**ብመሰረት ናይ ዳግመ-ምጥያስ ማሕበርን ሰብኣዊ ተቐባልነትን ኣብ ማዕቀፍ መስርሕ ምእታው ንምክያድ ዕላማ ዝተመዝገቡ ሰባት**



TIGRINYA

## ስለምንታይ እየ ነዛ በራሪ ወረቐት ዝቕበል ዘለኹ?

ናብ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ (EU) ዳግማይ ንምጥያስ ወይ ሰብኣዊ ተቐባልነት ንምርካብ ትሕሰብ ኣለኻ።

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ብዛዕባ እቲ ብሰበስልጣን ዝኽዘን ዳታን ንኽንደይ ግዜ ከምዝጸንሕን ዝያዳ ሓበሬታ ይህብ።

## ዳግመ-ምጥያስን ሰብኣዊ ምቕባልን እንታይ እዩ?



ናብ ሓደ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ዳግማይ ንምጥያስ ወይ ሰብኣዊ ተቐባልነት ትሕሰብ ኣለኻ። እዚ ማለት ጉዳይካ ብኤጀንሲ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ወይ ካልእ ዝምልከቶ ትካል ተገምጊሙ ማለት እዩ።

ሕጂ ሓንቲ ካብተን ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ኣብታ ሃገር ንክትነብር ተቐባልነት ክትረክብን ኣህጉራዊ ሓለዋ ወይ ሰብኣዊ ሓለዋ ክትህበካን ትሰማማዕ ድያ ክትውስን እያ።

## ስለምንታይ እየ ኣሰር ኣጻብዕተይን ስእለይን ክህብ ዘለኒ?

ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ሰበስልጣን ኣሰር ኣጻብዕትኹምን ስእልኹምን ክወስዱ እዮም።
እዚ መረዳእታ ምስ ሓበሬታ መንነትካን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን ተደሚሩ ናብ ናይ ዩሮዳክ ዳታቤዝ ክመሓላለፍ እዩ።

ዩሮዳክ ንገለ ምድባት ዜጋታት ናይ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዘይኮኑ ሰባት ምስቲ ፍሉይ ስብስብ ኣሰር ኣጻብዕቶምን ስእሎምን የራኽበም።

እዚ ዳታቤዝ ብ 31 ሃገራት EU+ ዝጥቀማሉ ኮይኑ፣ ንሓበሬታኻ ንምርካብ ድማ ዝሃብካዮ መረዳእታኻ ክሰርሓሉ ይኽእላ።

ነዚ ዝስዕብ ክፍትሹ እዮም፡-

- ኣቐዲምካ ኣብ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ቅኑዕ ናይ ሓለዋ ኩነታት እንተሃልዩካ
- ኣቐዲምካ ብሓንቲ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ንመቐመጢ ወይ ሰብኣዊ ምእታው ተቐባልነት እንተረኺብካ
- መመልከቲኻ ኣብ ዝሓለፈ 3 ዓመታት ብጸጥታ ምኽንያት ብሓደ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ እንተተነጺጉ
- ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ 3 ዓመታት፣ ናብ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ንኽትኣቱ ፍቓድካ እንተዘይሂብካ ወይ እንተስሒብካ።

እታ ሓበሬታኻ እትምዝግብ ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ መጀመርታ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ንዓኻ ዝምልከቱ እንተኾይኖም ጥራይ እያ እትምርምር። ኣብዚ ደረጃ እዚ ሓበሬታኻ ኣብ ዩሮዳክ ኣይክኽዘንን እዩ።

**ሕጂ ኣብ ኢጣልያ ኢኻ ዘለኻ፣ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
**ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ፡**

እተን 27 ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ኣውስትርያ፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ቆጵሮስ፣ ቸክያ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፣ ሮማንያ፣ ስሎቫክያ፣ ስሎቨንያ፣ ስጳኛ፣ ሽወደን ከምኡ እውን

ካልኦት 4 ሃገራት፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን፣ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድ።

## ኣብ ዩሮዳክ ዝኽዘን ኣየናይ ዳታ እዩ?



እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኩሉ ግዜ ይኽዘን፡-

- ኣሰር ኣጻብዕትኻ
- ስእሊ ገጽካ
- ኩሉ እቲ ሕጂ እትጥቀመሉ ወይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተጠቐምካሉ ኣስማት
- ዕለተ ልደትካ
- ትውልዲ ቦታኻ
- ዜግነትካ ወይ ብሄራዊ መንነትካ
- ጾታኻ
- ቅዳሓት ናይቲ ዝተጠቐምካሉ ናይ መንነት ወይ ናይ ጉዕዞ ሰነዳት፣ እኝተልዩ፣ እንተላይ ብዛዕባ ሓቅነቶም ዝምልከት ሓበሬታ
- ናይቲ ኣሰር ኣጻብዕትኻን ስእልኻን ዝወሰደ መኮነን ናይ ተጠቃሚ መለለዪ መንነትን ዳታኻ ዝተወሰደሉን ዝተመሓላለፈሉን ዕለታትን
- ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘመልከትካላ ሃገር
- ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዝቐረበሉ ዕለት።

እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት እውን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ዩሮዳክ ክኽዘኑ እዮም፡

- ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር
- እንተተዛዊርካ፡ እታ ዝተዛወርካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር
- መመልከቲኻ እንተተነጺጉን ኣብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ናይ ምጽናሕ መሰል ዘይብልካ ኮይኑን።
- መመልከቲኻ ብመሰረት መስርሕ ዶብ ተራእዩ እንተተነጺጉ ወይ መመልከቲኻ ከም ዝተሰሓበ እንተተቐጺሩ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ዝኾነ ብናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዝወሃበካ ቪዛ
- ካብ ዞባ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝወጻእካሉ ዝኾነ እዋን ሓበሬታ
- ብወለንታኻ ናብ ዓድኻ ንክትምለስ ንዝቐረበልካ ዕድመ ተቐቢልካ'ዶ ኣይተቐበልካን ዝምልከት ሓበሬታ።

ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ክትረክብን ክትእርምን ከምኡ'ውን ሓበሬታኻ ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተተታሒዙ ንክትድምስሶ ክትሓትት መሰል ኣለካ። ነዚ ንምግባር ምስ ተቖጻጻሪ ዳታ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ዝርዝር ርክብ ናይቲ ዳታ ተቖጻጻሪ ኣብቲ '**ካልእ ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ሓበሬታ ኣሎ ድዩ?**' ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ በራሪ ወረቐት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ውልቃዊ መረዳእታይ ኣብ ዩሮዳክ ክሳብ መዓስ እዩ ክኽዘን?



ኣብቲ ውሳነ ይምርኮስ ግን ካብ ዝስዕብ ክልቲኡ ሓዲኡ ክኸውን ይኽእል፦

- 5 ዓመት፣ እታ ዝመዝገበት ሃገር ንክትቕበለካ እንተፈቒዳ ወይ
- 3 ዓመት፣ እታ ዝመዝገበት ሃገር ብጸጥታ ምኽንያት ምቕባል እንተኣቢያ ወይ
- 3 ዓመት፣ ድሕሪ ደጊም ክትኣቱ ከምዘይትደሊ እንተ ወሲንካ ወይ ድማ ሰበስልጣን ብሰንኪ ዘይምትሕብባርካ ከምኡ ምኳኑ እንተኣሚኖም።

እዚ ግዜ ቅድሚ ምውዳኡ ዜግነት እንተረኺብካ፡ ዳታኻ ይስረዝ። ዳታኻ እንተተሰሪዙ፡ እዚ ኣብታ ዜግነት ዝረኸብካላ ሃገር ዘለካ ኩነታት ኣይከጸልዎን እዩ።

እዚ መዘኻኸሪ እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ መዘኻኸሪ ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025